Utlendingsdirektoratet
Norwegian Directorate
of Immigration

# ዘቤታዊ ሕጋጋት መዓስከር ሓተቲ ዑቕባ

ከም ተቐማጣይ እዚ መዓስከር መጠን ዝምልከቱኻ ዘቤታውያን ሕጋጋት ክትኽተሎም'ዩ ዘለካ። እዞም ዘቤታውያን ሕጋጋት ንዓኻ ይኹን ነቶም ካልኦት መቃምጥኻ ውሑሱን ምቹእን ዝኾነ መንበሪ ሃዋህው ንምፍጣር ተባሂሎም ኢዮም ወጺኦም ዘለው።

## 1 ርግኣት፡ ስርዓትን ድሕነትን

- ኣብዚ መዓስከር ካብ ሰዓት 23.00 ክሳብ ሰዓት 06.00 ርግኣት ክሰፍን ኣለዎ።
- ንካልኦት ከይረበሽካ ወይ ከየሰከፍካ ሓልዮትን ትሕትናን ኣርኢ። ጉነጽ፡ ጽዩቕን ኣዕናዊ ተግባራትን ወይ ካልእ ብገበን ዘቕጽዕ ተግባራት ምስ እተርኢ ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDIን ንፖሊስን ክሕበርን ክኽሰስን ኢዩ።
- ኣብ ሓባራዊ ቅርዓታት ኣልኮላዊ መስተ ክትሰቲ የብልካን።
- ሽጋራ፡ ሺሻ ወይ እውን ኤለክትሪካዊ ሽጋራ ኣብ ሓባራዊ ቅርዓታት ወይ እውን ኣብ ክፍልኻ ከተትክኽ የብልካን።
- ኣብ መዓስከር ሓተቲ ዑቕባ ዝኾነ እንስሳ-ፍትዊ ክህልወካ ኣይፍቀድን ኢዩ።
- ኣብ ዘለኻዮ መዓስከር ገለ ቍሉውላው/ሓደጋ ወይ ባርዕ ምስ ዝኽሰት እንታይ ክትገብር ከም ምዃንካ ክትመሃሮ/ክትፈልጦ ኣለካ።

## 2 ኣጠቓቕማ ክፍልታትን ናውትን

- ሓባራዊ ክፍልታትን ግዳማዊ ከባብን ብጽፈት ክትሕልዎ ኣለካ። ብሽክለታታትን ዓረብያታት ህጻናትን ካልእ ናውትን ንህጹጽ ኣፈ-መዋጽኦታትን መዕጾታትን ከይዓጋግቱ ክትኣላልዮም ኣለካ።
- ክፍልኻ ክትወጋግኖን ከተጻራርዮን ኣለካ።
- ጕሓፍካ ኣብ እትጕፈሉ እዋን ኣኣብ ቅኑዕ ዝኾነ መጕሓሓፊኡ ክትረታትቦን ኣኣብ መጕሓሓፊ ገንእታቶምን ኢኻ ክትጕሕፎም ዘለካ።
- ውሽጣውያን ሓባራዉያን ክፍልታትኩም በብስሩዕን ፍሉጥን እዋን ክትሓጻጽቡዎም ኣለኩም። እትሓጽብሉ እዋን በብተራኹም ማዓስ ከም ምዃኑ ዝሕብር ዝርዝር ተነዲፉ ኣሎ። ኣኣብ ተራኹም ዝኾነሉ እዋን ድማ ክትሓጽቡ ኣለኩም።
- ሓጻብቲ ማሺናት፡ ናውቲ ክሽነን መተሓጻጸቢ ናውትን ብመሰረት ተገሊጹ ዘሎ ኣጠቓቕማ መምርሒታት ብምኽታል ኢኻ ክትጥቀመሎም ዘለካ።

## 3 ክሓድሩ ንዝደልዩ በጻሕቲ/ኣጋይሽ

- ክሓድር ዝደሊ በጻሒ ምስ ዝህልወካ ኩሉ ግዜ ምስ መዓስከርካ ክትወዓዓል ኢዩ ዘለካ።
- መዓስከርካ ንበጻሒኻ ጋሻ ንክሓድር ኣየፍቅድን እየ ክትብለካ ትኽእል ኢያ።
- ክሓድሩ ንዝደለዩ በጻሕትኻ ምቕማጦም ኣብ ኖርወይ ዝኾኑን ብቑዕ ወረቐት መንነት (ታሴራ) ወይ ወረቐት ምስክር ሓተትቲ ዑቕባ ንሰራሕተኛታት መዓስከር ከርእዩ ኣለዎም።
- ዝሓድሩ በጻሕቲ ኣጋይሽ ኣብ ዝህልውኻ እዋን ንጕረባብትኻ ሕለየሎም ኢኻ።
- ንኣጋይሽካ ዝምልከት ቀለብን ቅያራት መነጻጸፊ ዓራውትን ባዕልኻ ንክትኽእሎም ተሓታትነትካ ኢዩ።
- ወለዲ ደቊም ይኹኑ መሓዙቶምን ካልኦት ኣባላት ስድራቤታቶምን ካብ ካልእ መዓስከራት መጺኦም ከሕድሩዎም ይኽእሉ ኢዮም።
- ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም ቈልዑ ንወለዶም፡ ኣሕዋቶምን መዛንኦም ዝኾኑ መሓዙትኦምን ምስ ዝመጽእዎም ከሕድሩዎም ይኽእሉ ኢዮም።